TRONDHEIM KOMMUNE

ኣተዓባብያን ትምህርትን

# ኣገልግሎት ቆልዑን ስድራቤትን





## ኣገልግሎት ቆልዑን ስድራቤትን(BFT) ኣብ ትሮንድሀይም ኮሙነ

ኣገልግሎት ቆልዑን ስድራቤትን ምስ መዋእለ-ህጻናትን ቤት-ትምህርታትን ካልኦት ትካላትን ኣብ ትሕቲ "ኣተዓባብያን ትምህርትን" ዝብል ዓውዲ ስራሕ ኮሙነ ዝሕቆፍ ኣካል እዩ። BFT ክንብል ከለና ኣገልግሎት ቆልዑን ስድራቤትን ብኣሕጽሮተ ቃላት ክጸሓፍ ከሎ እዩ።

ብምሉኦም እዞም ስጉምትታት እዚኦም ብሕጊ ኖርወይ ዝተቐየዱ እዮም፣ ዕላምኡ ድማ ቆልዑን መንእሰያትን ብዝተኻእለ መጠን ክምዕብሉ ዝሓሸ ዕድላት ንክረኽቡ እዩ።

ወለዲ እዮም ደቆም ከዕብዩ ዝለዓለ ሓላፍነት ዝስከሙ። ኩሎም ቆልዑ ምስ ደረጅኦምን ዘድልዮም ኣመሃህራን ተመጣጣኒ ዝኾነ ትምህርቲ ከወሃቦም መሰሎም እዩ። ኣገልግሎት ቆልዑን ስድራቤትን እምበኣር ምስ መዋእለ-ህጻናትን ቤት-ትምህርትን እንዳ ተሓጋገዘ ንወለዲ ክሕግዙ ኣለዎም፣ ምእንታን ቆልዑ ጽቡቕ ጌሮም ከምዝዓብዩ ከነረጋግጽ።



## መደበር ጥዕና/ኣገልግሎት ጥዕና ቤት-ትምህርቲ

መደበር ጥዕና ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ የገልግል፣ ኣገልግሎት ጥዕና ቤት-ትምህርቲ ድማ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑን መንእሰያትን የገልግል።

ኣብ ኖርወይ ሃገራዊ መደብ ክታብት ኣሎ፣ ኩሎም ቆልዑ ድማ ኣብ መደበር ጥዕና እዮም ዝኽተቡ። መደበር ጥዕና ንምዕባለ ቆልዓ ይከታተሉዎ እዮም፣ ከምኡውን ንወለዲ ደገፍን ምኽርን ውን ክህቡ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ኩለን መደበራት ጥዕናን ቤት-ትምህርታትን ነርስ ጥዕና ኣሎ። ሓንሳብ ሓንሳብ ውን ሓኪምን ካልኦት ሞያውያንን ይመጹ እዮም።

ድቃስ ዘሸግሮም፣ ምብላዕ ዝኣብዮም፣ ዝፈርሑ፣ ዝሹቕረሩ ወይ ካልእ ጸገማት ዘሸግሮም ቆልዑን ንኣሽቱን ኣብ መደበር ጥዕና ወይ ኣገልግሎት ጥዕና ቤት-ትምህርቲ ሓገዝን ደገፍን ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።



## ኣገልግሎት ስነ-ምህሮን ስነ-ልቦናን(PPT)

ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ብዝተኻእለ መጠን ዝሓሸ ምዕባለ ከምዘርእዩ ከነረጋግጽ ክንክእል ኣለና።

ገሊኦም ቆልዑ ዝያዳ ምክትታል የድልዮም እዩ። መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ቆልዓ ክሻቐሉሉ ከለዉ ንኣገልግሎት ስነ-ምህሮን ስነ-ልቦናን ክሰዱዎ ይኽእሉ እዮም። ወለዲ ነዚ ፍቓዶም ክህቡሉ ኣለዎም።


ኣገልግሎት ቆልዑን ስድራቤትን ድማ እቲ ቆልዓ ምስ ዓቕሙ፣ቅድመ-ኩነቱን ዘድልዮ ኣመሃህራን ዝተዋደደ ኣገባብ ስነ-ምህሮ ንኽዋደደሉ ክትተሓባበሩ ይኽእሉ እዮም።

## ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ [Barnevernet]

ንጥዕንኦምን ምዕባለኦምን ኣብ ከሃሲ ዝኽእል ኩነታት ሂወት ዝነብሩ ቆልዑ ኣድላዪ ዝኾነ ኣተኣላልያን ሓገዝን ከምዝረኽቡ ምግባር እዩ ስርሖም ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ። ኣተኣላልያ ቆልዓ ክበሃል ከሎ እቲ ቆልዓ ፍቕሪ፣መግቢ፣ክዳውንቲ፣ክንክን ከምዝረክብ ምግባር፣ ከምኡውን እቲ ቆልዓ ንጹር ቀይድታት ክግበረሉን ካልእን እዩ ዘጠቓልል።

ምስ ወለዲ ግሁድን ኣወንታውን ምትሕብባር ክህሉ ንኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ ግድን እዩ ዘድልዮም። ነቲ ቆልዓ ዝሓሸ እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ኣገዳሲ ስለዝኾነ።ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ ነቲ ቆልዓን ስድራቤቱን ጽቡቕ ፍታሕ ንምርካብ ወትሩ እዮም ምስ






ወለዲ ክተሓባበሩ ዝፍትኑ።

ኣብ ኣተዓባብያ ደቆም ምኽርን ማዕዳን ዝደልያ ስድራቤታት ብቐጥታ ንኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ክውከሶኦም ይኽእላ እየን።

ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት፣ ቤት-ትምህርቲ፣ ኣባላት ስድራ-ቤት ወይ ካልኦት ንሓደ ቆልዓ ኣብ ዝሻቐሉሉ እዋን ንተሓለኽቲ ቆልዑ ክውከሱዎም ይኽእሉ እዮም። ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ብዛዕባ ኩነታት ኣተኣላልያ ቆልዓ መልእኽቲ ሻቕሎት ምስ ተቐበሉ፡ ምስ ቆልዑ፡ወለዲ፡ነርስ-ጥዕናን ሰራሕተኛታት ቤት-ትምህርቲ ወይ/ድማ ኣጸደ-ህጻናት ዝርርብ የካይዱ እዮም። ምስ ወለድን ቆልዓን እንዳ ተሓባበሩ ከኣ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ሓገዝ ዘድሊ እንተኾይኑ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ገምጋም የካይዱ። ሓንሳብ ሓንሳብ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ነታ ስድራቤት ሓገዝ ኣየድልያን እዩ ኢሎም ይግምግሙ እዮም። ከምኡ እንተኾይኑ ድማ እቲ ጉዳይ ይዕጾ።

ሓንሳብ ሓንሳብ ቆልዑን ወለድን ንሕጽር ዝበለ ግዜ ወይ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ተፈላልዮም ክነብሩ ኣድላዪ ዝኾነሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ። ንኣብነት ኣብታ ስድራቤት ከቢድ ጎነጽ፣ጾታዊ ዓመጽ ወይ ግጉይ ኣጠቓቕማ ዕጸ-ፋርስን መስተን ክፍጸም ተኽእሎታት እንተደኣ ሃልዩ፣ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ እቲ ቆልዓ ከምዝግዕዝ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ዕላማ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ኩሉ ግዜ ነቲ ቆልዓ ጥዕንኡን ዋሕስነቱን ውሑስ ከምዝኸውን ምግባር እዩ።

## ሓገዝቲ ስድራቤት[Familietiltak]

ሓገዝቲ ስድራቤት ንቆልዑ፣መንእሰያትን ወለዶምን/ስድራቤታቶምን ብውልቅን ብጉጅለን ከዘራርቡዎም፣ከመኽሩዎም፣ከምዕዱዎምን ክሕግዙዎምን ይኽእሉ እዮም። ሰራሕተኛታት ፋሚልየቲልታክ ምስ ወለዲ እንዳተሓባበሩ ንነፍስ ወከፍ ስድራቤት ምስኣ ዝኸይድ ሓገዝ ክገብሩላ ይኽእሉ እዮም። እዚ ሓገዝ እዚ ወለንታዊ እዩ፣ ሓቲ ስድራቤት ባዕላ ክትውከሶም ትኽእል ወይ ድማ ብመገዲ መደበር-ጥዕና፣ መዋእለ-ህጻናት፣ቤት-ትምህርቲ ወይ ቀዋሚ ሓኪም ክትውከሶም ትኽእል።

ሓደ ካብቲ ወለዲ ክረኽቡዎ ዝኽእሉ ዕድላት ድማ ኣብ ጉጅለ-ICDP ምስታፍ እዩ። ICDP ኣሕጽሮተ-ቃላት ኮይኑ ተዘርዚሩ International Child Development Programme ማለት እዩ። ኣብ ጉጅለታት ምስ ካልኦት ወለዲ እንዳተራኸብካ/ኪም ምስ ደቅኹም ክትኾኑ ከለኹም ተካይዱዎ ሓባራዊ ተገባብሮ ወይ ምውህሃድ ከመይ ከምዝመስል ተመኩሮታት ትለዋወጡ። ዕላምኡ ድማ ንቆልዑ እንታይ ከምዝሕሾም ንኽትነቕሑሉ እዩ፣ ከምኡውን ነፍስ ወከፍ ተሳታፊ ከም ኣቦ ወይ ኣደ ኣብ ነፍሱ ንኽተኣማመን እዩ። ኣብዚ ዝካየዱ ዝርርባት ድማ ተሳተፍቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ዝምከሩዎን ዘሕልፉዎን እዩ ዝሙርኮስ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ብቋንቋ-ኣደ ተሳተፍቲ እዩ ዝካየድ።



## ጽገና/ጥዕናን ክንክንን [Habilitering/Helse og omsorg]

ዕላማ ትሮንድሀይም ኮሙነ ዝተጓደለ ዓቕምታት ዘለዎም ቆልዑን ንኣሽቱን ከምኡውን ስድራቤታቶም፡ ብተዓጻጻፍነትን ብልዑል ብቕዓትን ክግልገሉ፣ ከምኡውን እቶም ኣገልግሎታት ልዑል ብቕዓት ከምዝህልዎም ምግባር እዩ። ዝተጓደለ ዓቕምታት ክበሃል ከሎ ከም ኣብነት ናይ ምርኣይን ምስማዕን ጸገማት፡ናይ ምንቅስቓስ ጸገማት፣ናይ ጠባይ ጸገማት ወይ ቕኑስ ስነ-ኣእምራዊ ጥዕና ክኾኑ ይኽእሉ፣ በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ቆልዓ ካብ መሰትኡ ንላዕሊ ዝያዳ ሓገዝ ከድልዮ ከሎ።

ወለዲ ብኮሙነ ክግልገሉ ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም፣ ንኣብነት ደጋፊ ኣካል/ዝተዋደደ ትርፊ-ግዜ[støttekontakt/tilrettelagt fritid]፣ ምብራይ[avlastning]፣ ደሞዝ ኣላዪ[omsorgslønn] ወይ ኣብ ገዛ ዝመጽእ ነርስ ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት። ኣገልግሎት ቆልዑን ስድራ-ቤትን ድማ ምስ ወለዲ እንዳተሓባበረ እቲ ቆልዓን ስድራቤቱን እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ክወሃቦም ዘለዎም መሰላትን እንታይ የድልዮምን ይግምግሙ። እዞም መሰላት ብመሰረት ሕጊ ኖርወይ ዝተቐየዱ እዮም።



ትሮንድሀይም ኮሙነ
ኣተዓባብያን ትምህርትን
Postboks 2300 Torgarden
7004 Trondheim

Takk til
Sedrik, Ylva, Ines, Kjerstin og Andreas; Alia, Ali, Ouday, Abir, Aadi, Latifa og Hussin
Photos: Geir Hageskal og Carl-Erik Eriksson
www.trondheim.kommune.no/bft
2019
Kommunikasjonsenheten

